# ድሕሪ 14 ዓመት ነጻነት ሃገርና

ጉንቦት 24ን ዓመታዊ በዓል ነጻነት ሃገርና እነብዕለላ፣ስዉኣትና ንዝኸፈልዎ ዘለዓለ ተወፋይነት እነሞግሰላ፣ንኣካለ ስንኩላትና ብኣኽብሮት እንዝክረላ፣ ብዝተመዝገበ ሃገርዊ ነጻነት እንኾርዓላ ንሕጎሰላን ክትከውን እንከላ በቲ ኻልእ ሸነኽ ኸኣ መሰል ህዝባ ዘይከብረላ፣ ጥሜት ዝሓለፈላ፣ መንእስያት ሃጽ ኢሎም ዝጠፍኡላ፣ነጻነት ናይ ርእይቶኻ ምግላጽ ዘይብላ፣እሱራት ብዘይፍርዲ ዝሙቅሑላ፣መሰልን ማዕርነትን ዝጎደላ ናይ ሓዘን መዓልቲ ኮይና ንረኽባ።

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ሃለዋትን መድረኽን እዚ ተዛሪብና ዝረብረብናሉ ግፍዓዊ ሃለዋት ህዝብናን ጭቆና ህግደፍን ምድግጋሙ ዘይኮነስ ኩነታት ተቓውሞ ብሓፈሻ ውድብና ኸኣ ብፍላይ ዝግበር ዘሎ ንጥፈታትን ምዕብልናታትን ምምይያጥን ምግላጽን ዝሓሸ እዩ። ነቲ ሓድሓደ ድንግርግር ዝብል ኣብ ውሽጢ ተቓውሞ ዘሎ ሃለዋት ምብራህን ኣገባብ ምቕጻል ሓባራዊ ቃልስን መድረኻዊ ኮይኑ ይስማዓና። ሽግር ህዝብና ክቃለልን እቲ ዝድለ ለውጢ ክመጽእን ተጸዋዊርካ ብዝተኻእለ መጠን ብሓደ ምስራሕ የድሊ።

ብደረጃ ተቓውሞ ካብቲ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ዝነበረ ናይ ሓድሕድ ምጽልላም ሰጊሩ እቲ ዝበዝሐ ውድባት ኣብቲ ትሕቲ ብኤርትራዊ ዴሞክራስያዊ ኪዳን ዝፍለጥ ናይ ሓባር ጽላል ብዝወሓደ ነጥብታት ተሰማሚዑ ክሰርሕ ብምኽኣሉ ኣዎንታዊ ስጉምቲ ዝሰጎመሉ ግዜ እዩ። እዚ እቲ ሓቅን ኩሉ ዝጽበዮን ክነሱ ግን ገለ ኣካላት ናይ ተቓውሞ ደንበ ነቲ ዘይድግፍዎ ገለ ሸነኽ ናይቲ ቻርተርን ከምኡ እውን ገለ መርገጻት ወይ ፖሊሲታት ብምጥቃስ ጸረ-ኪዳን ጠጠው ዝበሉ ኣለዉ። ከምኡ እውን ንውድብና ዝነበሮ ንልዑላውነት ዝጣበቕን ናይ ዶብ ኮምሽን ዝወሰኖ ናይ ዶብ ምሕንጻጽን ዝድግፍ መርገጻትና ንስልጣንና ክንብል ሸተት ከም ዝበልና ንሕመን ኣባላትና ኣብ ገጾም ይሕተቱሉን ዘሎ ጉዳይ ኮይኑ ኣሎ።

ኪዳን ብዙሓት ውድባት ኣብ ናይ ሓባር ዝተሓተ ነጥብታት ተሰማሚዐን ከም ዝሰርሓ ተኽእሎ ምፍጣር ዘይኮነስ ብተግባር እውን ካብቲ ቅድሚ ሕጂ ክእረም ዝድለ ዝነበረ ነጥብታት ተስፋ ዝህብ ኣብነታት ኣርእዩ እዩ። ገለ ካብቲ ኣብነታት ንምጥቃስ ዝኣክል፣

- ማእከል ዕላማ ናይቲ ስምምዕ ብቕዋም እትምራሕ ዴሞክራስያዊት ኤርትራ ንምህናጽ ምዃኑ ቀዳማይ ዓንቀጹ ይሕብር።
- ምስ መንግስቲ ህግደፍ ዴሞክራስያዊ ዘተ ጸዊዑ
- ንሰራዊት ኤርትራ ኣካል ናይቲ ለውጢ ክኸውንን ናይ ዴሞክራስያዊት ኤርትራ ሓላዊ ክኸውንን ጸዊዑ
- ብተምጣጣኒ ድምጺ ምሃብ ከም ሓሳብ ኣጽዲቑስ ብተግባር ጀሚርዎ። ዋላ ዝመሓየሽ ዘለዎ ጉዳይ እንተኾነ ኣዎንታዊ መጀመርታ እዩ ኢልና ንመዝኖ።
- ናይ ዶብ ውሳኔ ንኤርትራ ዘይፍትሓዊ ሸነኻቱ ገሊጹ ኣብ ተግባር ክውዕል መርገጽ ሒዙ።

ብጋንታ ንሓርነት ዓይኒ ክጥመት እንከሎ ኣዚ ነጥብታት እዚ ብፍላይ ከኣ ምስቲ ናይ ቅድም መርገጻት ክነጻጸር እንከሎ ብኣዎንታ ክርአ ዝግብኦ ኮይኑ ይረኣየና። እዚ ማለትና ግን ንኩሉ ብሩህ ዝኾነ ወከልቲ ውድብና ኣብቲ ኣኼባ ዝተቓውምዎን ክሳዕ ብዕሊ ዕቃቤኦም ዘመዝገብሉ ዓንቀጽ ከምዘሎ ሸለል ምባልና

ኣይኮነን። ምስ ተዓቅቦኻን ፍልልያትካን በቲ ትሰማማዓሉ ሸነኻት ክስራሕ ከም ዝከኣል ምግላጽና እዩ። ነዚ ንምግንዛብ እቲ ኣቦ መንበር ፈጻሚት ሽማግለ ምስ ድምጺ ዴሞክራስያዊት ኤርትራ ዝገበሮ ቃለ መሓትት ምውካስ ይከኣል። እዚ ኮይኑ ንብሕጂ ንኩሉ ህዝቢ ክጥርንፍን ክስሕብን ዘይክእል ናይ ገለ ውድባት ጥራሕ ዝለዓለ ፕሮግራም ዘንጻባርቕ ትሕዝቶ እናኣለኻን ክመሓይሽ ዝግበኦ ነገራት እንዳኣመልከትካን ጠለብካን ነቲ ምውህሃድን ብሓንሳእ ምስራሕን ምሕያሉን፣ምጽፋፍን፣ምምዕባሉን ደኣምበር ኣንጻሩ ጠጠው ምባልን ንክፈላለ ምጽዓርንስ ኣይግድን።

ውድብና ግን 10 ነጥብታት ዝሓዘ እማሜታት ብምቕራብን ናብ ውድባትን ህዝብን ጐረባብቲ ሃገራትን ብምንቀሳቓስ ዝተቓለሰሉ ጽላል ወይ ኪዳን እምበር ምእንቲ ስልጣኑ ኢሉ ዝተሓውሶ ምትእኽኻብ ከምዘይኮነ ተግባራትናን ሰነዳትናን ዝምስክርዎ ሓቂ እዩ። እቶም ምእንቲ ስልጣኖም ክብሉ ካብቲ ናይ ምሕዝነት ኣኼባ ወጺኦም ኢሎም ዝኸሱና ዝነበሩ ኣካላት ሕጂ ኸኣ ምእንቲ ስልጣኖም ኣብ ኪዳን ኣትዮም ዝብሉ ዘይሳነ ሚዛኖም ክእርሙ የድሊ።

እንተ ንልዑላውነትን ንናይ ዶብ ምሕንጻጽን ዝምልከት መርገጻትናን ግን ብቃለ መሓትት መሪሕነትናን ብ መጽሔታትናን ኣኺሉ ዝተርፍ መግለጺ ሂብናሉ ኢና። ብዙሕ ዝኸፈልናሉ መርገጽ ስለዝኾነ ስኽፍ ኣይብለናን እዩ። ስለዚ ካብ ኪዳን ወጻኢ ዘለዉ ዲሞክራስያውያን ጉጅለታት ባእታታን ዝእረም ንምእራምን ዝመሓየሽ ንምምሕያሽን ነቲ ዴሞክራስያዊ ትሕዝቶታት ብምድጋፍን ክቃለሱን ክተሓባበሩን መድረኽ ዝጠልቦ እዩ።

ብመንጽር እዚ ኸኣ ናይ ኪዳን ሓለፍትን ኣካላትን ነቶም ካብቲ ክሊ ወጻኢ ዘለው ኣካላት ነቲ ዘበርከትዎ ቃልስታት ዕሽሽ ብምባል ቅጽላት እንዳውጻእካ ምጽራፍን ምንኣኣስን ዘየተሓጃቕሩፍ ቃላት ምድርባይን ዘይተጻዋርነት ስለዝእምት ክውገድ ዘለዎ ጉዳይ እዩ። ጉጅለታት ይኹኑ ባእታት ኣብ ኪዳን ክሕወሱን፣ዘይክሕወሱን ክነቕፍዎን ንጉጉይ ዝበልዎ ሸነኻት ቻርተሩን መርገጻቱን ክቃውምዎን መሰሎም ምእማንን ምጽዋርን እቲ ቀንዲ ካብ ህግደፍ ክፈልየና ዘለዎ መለለዪ ነጥቢ ክኸውን ይግባእ።

እቲ ሓድሓደ ነቲ ውድብና ዝገብሮ ባዓላትን ኣኼባታትን ኣንዳኣልዓሉ ብስም ኪዳን ዘይኮነ እንዳበሉ ዝነቕፉ እቲ ትርጉም ኣብ ዝተሓተ ነጥብታት ዝተመርኮሰ ምውህሃድ ንውድባዊ ንጥፈታት ዘዛሕትል ዘይኮነስ ዘተባብዕ ክኸውን ከምዝግቦኦ ምግንዛብ የድልዮም። እቲ ብኪዳን ዝግበር ንጥፈታት ከኣ ብዘሎና ዓቕሚ ክንስጉመሉ ኢናን ኣሎናን። ኣባላት ውድባት ምስ ዝነጥፉን ውድባት ምስ ዝሕይላን እዩ ናይ ኪዳን ተደላይነት ይኹን ተቐባልነት ዝዓዝዝ። ስለ ዝኾነ ድማ ነተን ካልኦት ውድባት ንጥፈታተን ከኻዕብታ ነተባብዐን። እንተ ናይ ውድብና ኣገባብ ኣተሓሕዛ ቃልሱን ኣብ ኪዳን ዝገብሮ ንጥፈታትን በዚ ዝስዕብ ክበርህ ይከኣል፡

1. ተ.ሓ.ኤ ሰ.ባ. ብመሰረት መትከላት እቲ ዝኸተመሉ ኢርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ኝክጐዓዝ ጸገም የብሉን። ኣብ ኩሉ ቦታታት ዝርከብ

ኣባል ውድብ ድማ፡ ነቲ ውድብ ዝኣተዎ ውዑላት ኣኽቢሩን ብመሪሕነታዊ መምርሒታቱ ተቐይዱን ዝንቀሳቐስ ምዃኑ ናይ ሎሚን ናይ ትማሊን ታሪኹ ዝምስክሮ እዩ። ውድባዊ ኣሰራርሓና ምስ ካልኦት ኣካላት ተቓውሞ ሓባራዊ በዓላት ምስንዳእን ምትግባሩን ይድግፍ እምበር ኣይጻረርን እዩ።

2. ብተረደኦና መትከላት ኤርትራዊ ደሞክርስያዊ ኪዳን፡ ንምንቅስቓሳት ውልቀ ውድባት ዝኽልክል ውሳኔ ይብሉን። እኳ'ደኣ ነፍሲ ወከፍ ውድብ ክሕይልን ክብርትዕን ውድባዊ ንጥፈታቱ ከሰላስልን የተባብዕ። ኣብ ሕሙሻይ ዓንቀጽ፡ ፊደል (ለ) ቁጽሪ (1) መሰላት ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ፡ ኣባል ኪዳን ዝኾነ ውድብ " ከም ናጻ ውድብ ፕሮግራሙ ንኽሰላስል ንመንፈስን ትሕዝቶን ቻርተር ብዘይጻረር ክንቀሳቐስ" መሰል ከም ዘለዎ ይኣምን። ንሱ ጥራሕ ዘይኮነስ " ኣብ ውሱን ጉዳያት ተቓውሞኡ ወይ ዕቃቤኡ ከመዝግብ..... ኣብ እተዓቀበሉ ጉዳያት ንርእይቶኡ ኣብ ኩሉ መድረኻት ክንጸባርቕ" ከም ዝኽእል ይኣምን፡ ናይ ጥዑይ ዝምድና ንጹርነት ዘለዎ እዩ።

3. ብመሰረቱ ስምምዕ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ዝዕልሞ " ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ምውዳቕን ኣብ ክንዳኡ ኣብ ፖሊቲካውን ሰልፋውን ብዙሕነት ዝተሰረተ ደሞክራስያዊ ስርዓት" ምትካልን እዩ። እዚ ድማ መንነት ናይ ውድባትን ሰልፍታትን ዝሕሉን ዘኽብርን መትከል እዩ። ምስዚ ተታሓሒዝናዮ ዘሎና ጉዳይ ክተኣሳሰር እንከሎ ነፍሲ ወከፍ ውድብ ከም ውድብ ዘለልዮ ተግባራት ክፍጽም እንከሎ ነቲ መትከል ብዙሕነት የዕዝዞ ምበር ኣይጎድኦን እዩ። ስለ'ዚ ኩሉ ውድባት ኣብ ዝማእምኦ በዓ ላት፡ ባህላዊ ምሸታት፡ ምልዕዓላት፡ ህዝባዊ ሰሚናራት፡ ወዘተ.. ከካይድ መሰሉ ጥራይ ዘይኮነስ ግቡኡ እውን እዩ። ከም ውድብ ወይ ፓርቲ ንበይኑ በዓል ኣካይዱ ማለት ብዝኾነ መንገዲ ጸረ ሃገር ወይ ጸረ ሓድነት ኣይገብሮን እዩ። ኩሉ ውድባት በብዘለዎ ኣብ ኩሉ ክፍለዓለማት ኣብ ዝተፈላለየ ከተማታት ናይ ተቓውሞ መቓልሕ ዘስምዕ ብዓላት እንተዘካይድ ሓፈሻዊ ሓይሊ ተቓውም ይድልድል'ምበር ኣይደክምን።

4. ሓደ ዓይነት በዓል፣ ሓደ ባህላዊ ፌስቲቫል፡ ሓደ ፈነዋ ረድዮ፣ ሓደ መጽሔታዊ ክፍሊ፣ ሓደ ፓርቲ ወዘተ.. ዘይህሉ ዝብል ትሒምታታት እውን ኣብ ዓውደ ፖሊቲካና ኣሎ እዩ፡፡ ብፖሊቲካዊ ዓይኒ እዚ ኣንፈት'ዚ ኣበየናይ ጉዳይ ንመሰል ውልቀ ውድባት ወይ ፓርትታት ጠጠው ይብል ክትግምቶ ኣሸጋሪ ስለ ዝኾነ፡ ናብ ሓደ ዲክታቶርያዊ ስርዓ ት ምትካል ዘዕልብ እምበር ንናይ ኣተሓሳስባን ኣተሃላልዋን ብዙሕነት ፈጺሙ ዘገልግል ኣይኮነን።

ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስ ጉዳያት ኣገደስቲ ነጥብታት ኣብሪሁ ክኸውን እናተተስፈና፡ ሕጂ'ውን ብሓባር ክካየድ ንዘለዎ ናይ ኪዳን ዕዮታት ኮነ ህዝባዊ ብዓላት ብሓባር ከነካይዶ ቅሩባትን ዕጡቓትን ምዃንና ነረጋግጽ። ከም ሰውራዊ ባይቶ እነካይዶ ንጥፈታት ጠጠው ከንብል ከም ዘይኮንና ድማ ንኽሉ ብሩህ ክኸውን

ንደሊ። እቲ ክኸውን ዘለዎ ናይ ሰውራዊ ባይቶ መደብ ጠጠው ኣቢልካ ናይ ኪዳን ምግባሩ ዘይኮነስ ብመሰረት እቲ ስምምዕ ናይ ሓባር ሽማግለ ኣውጺእካ ብሓባር ናይ ምስንዳእን ምትግባርን ሓላፍነታት ምስካም እዩ።

ሓባራዊ ዕዮ ምክያድ ማለት ንስም ጥራሕ ብሓባር ኣሎና ንምባል፣ ወይ ኣብ ድኻምን ጸዓትን ናይ ካልኦት ተወጢሕካ ኣብ መድረኽ መደረታት ንምቕራብ፣ ወይ እውን ብስም ሓባራዊ ዕዮ ዘይሰራሕካሉ ውድባዊ ወይ ውልቃዊ መኽሰብ ንምጥራይ ዝግበር ተዋስኦ ኣይኮነን ኣይክህሉን እውን እዩ። እንታይ ደኣ ብትሕዝቶን መንፈስን ናይ ስምምዕ ኤ.ደ.ኪ. ተቐይድካ ብመሰረት ኣወኻኽሳኻ ኣብ ኪዳን ዝግዛእ፣ ምግድዳዕ ዘይብሉ፣ ግቡእ እጃምካ ብምስካም ዝሰላሰል ሓባራዊ ዕዮ ክኸውን ይግባእ።

ኣብ መደምደምታ እቶም ንዴሞክራስያዊ ለውጢ ዝቃለሱን ዴሞክራስያዊ ስርዓት ክትከል ዝደልዩን ኩሎም ንፍልልይያቶም ብምጽውዋርን ንዝሰማምዕሉ ኸኣ ብሓንሳእ ኮንካ ብምልዛብን ምስራሕን ናይ ህዝብና ስቓይ ይጠልቦም ምኳኑ ተገንዚቦም ኣስራርሕኦም ከማዕብሉ ይጥለቡ ኣለዉ። ብዝተረፈ እቲ ዝለዓለ ረቛሒ ናይ ዴሞክራስያዊ ስርዓት ምትካል ምስ ካባኻ ዝተፈልየ ስነ ሓሳባትን ፖሊቲካዊ መርገጽን ፕሮግራምን ዘለዎም ሓይልታት ኣብ ትሕቲ ሃገርዊ ቅዋም ምንባርን ምስራሕን ምኳኑ ምርሳዕ እዩ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና
ምስጋና ንኣንበብትና

ጋንታ ንሓርነት